# ዕላል ጸላኢ ኣይትስምዑ፡ ወግድዎ ንየውብልዎ።
# ምኽሪ ሓርበኛ ኣቦና ሸኽ ኢብራሂምሱልጣን

**ተንኮለኛን ቅጥፈትን ንዝኾነ ዕላል ጸላኢ ኣይትስምዑ፡ ወግድዎ ንየውበልዎ። ንናጽነት ንጋደል ኣሎና። እዚ ቃል'ዚ ንድሕሪት ክምለስ ዘይክእል፡ ዘይሕባእ፡ ዘይሕሰን ዘይጥበርን እዩ። ስለ'ዚ ውን እቶምጸላእቲ ብዘዕባኡ ዝበሉ እንተበሉ ኣይትስምዕዎም ዕላሎም ማኾርን ዓንቃፍን እዩ።ብስም ናጽነት ኤርትራ እዕድመኩምን እላበወኩምን። ናጻን ሓራን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ንዘልኣለም ትንበር።**

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ብ04 ለካቲት 1950 ኣብ ጋዜጣ ሓንቲ ኤርትራ ዝሰፈረ ቃል ክቡር ሓርበኛ ኣቦና ሸኽ ኢብራሂምሱልጣን ንህዝቢ ኤርትራ ዘቕረብዎ ታሪኻዊ ማዕዳ ኢዩ።

ሎሚከኣ ነቶምሰላምኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክርእዩ ዘይደልዩ፡ ንልምዓትን ዕቤትን ናይ ክልቲኦን ሃገራት ዝጸብኡ ብፍላይ ከኣ ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ሓሳዳትን በቲ ሓደ ወገን፡ ናይ ገዛእ ነብሶምኣጀንዳ ዘይብሎምኣብ ወጻኢ ኮይኖምዘዳኽሩ ዝኸሰሩን ዝነደዩን ከሓድትን ገበነኛታትን በቲ ካልእ ወገን፡ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ብሰላም ምስ ህዝቦም ክነብሩ ዘይደልዩ ባእታታት፡ ኣብ ስደት ሙታእርግቲ ዝኾኑዎም መንእሰያት ትሕቲ ሃገራውነት ብዝኾነ ብጸቢብ ኣተሓሳስባ ንየውሃት መንእሰያት ዕለታዊ ዘየቋርጽ ዘየቕስን ሓደስቲ ሕሱር ሓሶታት እንምሃዙ **“ኤርትራ ያኢ እንቓቑሖ ኮይና ክትሽየጥ`ያ ክትልወጥ`ያ”** ወዘተ እናበሉ፡ ከደንቑርዎምን ከታልልዎምን ዕለታዊ ንጥፈታቶምኮይኑ ኣሎ።

ንመንእሰያት የሕዋትና፡ ክላበዎምዝደሊ ነቲ ቃል ናይ ኣቦና ሓርበኛ ኢብራሂም ስልጣን ኣብ ሓምሳታት ዝበልዎ ደጊምኩምኣንብብዎ ተረድእዎ፡ እቶምኣብቲ ግዜ`ቲ ነዚ ምዕዶ ጸማምእዝኒ ዝሃብዎ ኣብ ናይ 30 ዓመት ቃልሲ ንናጽነትና ዝፈሰሰ ደም ተሓተትቲ ኮይኖም ኢዮም። ብዙሓት ሽዑ ዝተጋገዩ ኣቦታት ንሕና ዘጥፍኣናዮን ዝገበርናዮን ጌጋታት ሎሚደቅና ደጊም ከፊሎም ክሚልስዎ ይቃለሱ ኣለዉ እናበሉ ብዝገበርዎ ጉድለታት እናተጣዕሱ ሓሊፎምኢዮም።

እዚ ኣብ ምዕቡል ግዜ ኣብ ዕጹውገዛ ኮይኖም ብመካርሒ ሶሻል ሚድያ ዝፍንውዎ ሓሶታት ጉጉይ ምኽርታትን፡ ምስ ህዝብኹምኣባኢሶምኣእምሮኹምኣመዛቢሎምመጻኢ ዕድላትኩምየባላሽውልኩምከምዘለዉክትግንዘብዎ ይግባእ። እቶምናብዚ ጥፍእት ዝመርሑኹምዘለዉጉጅለታት ወይ ባእታት መብዛሕትኦምገበነኛታት ምኻኖምድሕሪ ባይትኦም ከተጽንዕዎም ኣለኩም። ዝበዝሑ ካብኦም ናጽነት ኤርትራ ዘይተቐበሉ ረፈረንዱምዘይመረጹ ክነሶም **“ካብ ብህዝባዊ ግንባር እትመጽእ ናጽነት ብኡ ገይራ ትጥፋእ”** ዝብሉ ዝነበሩ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ላዕለዎት ካድራት ናይ ተ.ሓ.ኤ ዝነበሩ

ኢዮም፡ ካልኦት ዝኾረዩ ናይ ስልጣን ህርፋን ጥራይ ዝሓልሙ ናይ ህዝባዊ ግንባር ተጋደልቲ ዝነበሩን ድሕሪ ናጽነት ውን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ተመዲቦም ዝሰርሑ ዝነበሩ ገለ ካብኦም ኣጠፋፊኦም ዝሃደሙ ካብ ሕጊ ዘምለጡውን ኣይተሳእኑን። እዚኣቶም መሳርሒ ናይ ካልኦት ሓይልታት ዝኾኑ ንፖለቲካ ከምቢዩ ዝነስ ዝወሰድዎ ዝኽፈልሉ ኣብ መንጎ ይርከብዎም። ገሊኦም ውን ነቲ ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ብጠንቂ መራሕቲ ወያነ ዝወልዕዎ ኲናት ንዘጋጠመ ሰዕቤናት ንዝተፈላለየ ብድሆታት ክገጥምዎ ዘይከኣሉ ሕልንኦም ዝዓረቦም ድኽመታቶም ንምሽፋን ፖሎቲካዊ ምስምስ ዝደልዩሉ ኢዮም። ብዙሓት ተዛረብቲ ትግርኛ ጥራይ ብምኻኖም ኤርትራውያን ተመሲሎም ኣብ መንጎኹም ኣትዮም ዝዋስኡ ናይ ወያነ ካድራት ከም ዘለዉ ኩላትና እንፈልጦ ጉዳይ ኢዩ።

ኣብ ኤርትራ ዋላ ዓሰርተ መንግስትታት ይቀየር፡ ዓበይቲ ገበናት ብቐሊል ስለ ዘይሕከኽ ተሓተትቲ ምኻኖም ስለ ዝፈልጡ ናብ ኤርትራ ናይ ምምላስ ሕልሚ ወይ ራእይ የብሎምን፡ ስለዚ ንዝኾነ ለውጢ ዘይቕበሉ ኣብ ስደት በለይቲ ኢዮም።

ካልእ ዓቢ ገበን፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ህይወት ተኸፊልዋ ብደም ጀጋኑ ስውኣት ዝተረኸበት መግለጺ መንነትና ዝኾነት ሃገራዊት ባንዴራና ይፍንፍንዋ፡ ከይሓፈሩ ነታ ቅድሚ60 ዓመት ዝነበረት ናይ ፈደረሽን ባንዴራ ሒዞም ክዋራዘዩ ይርኣዩ፡ እዚ ከኣ ክሕደት ንሰማእታት ንዕቀት ንህዝቢ ኤርትራ ኢዩ። በዚኣቶም ዝተመልመሉ በጋሚንዶታት ከኣ ንሃገራዊ ባንዴራና ብሓዊ እናቓጸሉ ክጅሃሩን ኣብ ቅድሚካሜራ ክስኣሉን ብዙሓት ተዓዚብክምዎም ኢኹም።

ኩሎምእዞም ዝተጠቕሱ ኣብዚ ናይ 27 ዓመት ድሕሪ ናጽነት ኣብ ልምዓት ሃገር ሳንቲም ዘየበርከቱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንዕንቅፋት ጥራይ ዝተወዳደቡ ፍሹላትን ሕሱራትን ባእታታት ኢዮም። ስለዚ መንእሰይ ክሳብ መኣስ ኢኻ መሳርሒ ናይዚኣቶም ኮንካ እትነብር፡ ኣእምሮኻ ኣበራብሮ ተምሃር ስራሕ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ሃገር ዝሃንጹን ዝከላኸሉን ዘለዉ ጀጋኑ መንእሰያት የሕዋትካ ምሳል፡ ዳወን ዳወን እናበልካ ግዜኻን ሓይልኻን ኣይተዕርቦ። ግቡእኻ እናገበርካ ንመንግስትኻ ሃናጺ ነቕፌታን ሓዲሽ ሓሳባትን ከተቕርብ ዝኽልክለካ የለን፣ ንስድራኻ ሓግዞምን ብጽሓዮምን ዓድኻ ንኽትእቱ ዝኸልኣካ ዝኾነ ሓይሊ ወይ ሰብ የለን፡ ሃገር ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ኢያ። ዘይናትካ ኣይናትካን`ዩ ስደት መናበሪኻ ኣይኮነን፡ ሃገርካን ቤትካን ኢዩ ክብረትካ።

ስለዚ ዝበደልካዮ ዓቢ ገበን ዘይብልካ ክንስኻ፡ ናይ ዝጠፈሹ ሰባት መሳርሒ ክኸውን ምስኦም ናብ ጥፍኣት ይሕሸኒ እንተበልካ ምርጫኸ`ዩ። ኩሉ ጸገማት ሓላፋይ ኢዩ፡ ኤርትራ ትዕንብብ ንቕድሚት ትምርሽያ ዘላ። እዚ ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ከም መና ካብ ሰማይ ዝወረደ ኣይኮነን፡ ሳላ ዘይሕለል መኸተን ጽንዓት ናይ መንግስትናን ህዝብናን ዝተረኽበ ውጽኢት ኢዩ። ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ናይ ሰላም ጸጋ ተጠቒምካ ኤርትራ ናትካ`ያ ኣለኹልኪ በላ፡ ስለዚ ናብቲ ቅኑዕ መስርዕ ተጸንበር፡ ንህዝብኻን ንሃገርካን ኣገልግል፡ ግዜ ምስ ሓለፈ እቲ ዘይተርፍ ዕቤትን እርጋንን

ምስ ኣርከበካ ከምቶም ዝተጣዕሱ ከይትጠዓስ፡ ከምቲ ደራፋይ ዝበሎ “ጣዕሳ ዋጋ የብሉን ቀደም ተጋጊኻ” ከይትብሃል። ምኽሪ ሓርበኛ ኣቦና ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን ነዚ ናይ ሎሚ ወለዶ`ውን ኣብቦቱኡ`ዩ ዘሎ።

ክብርን ሞጎስን ንስውኣትና !!

ዓወት ንሓፋሽ !!

ፋሲል ቀለታ - (Italy)